# ኣንቲ ዓለም !

ብመድሃኔ ተስፋኣለም

## ኣንቲ ዓለም ! እሓተኪ ኣለኹ ?

እሓተኪ ኣለኹ ዓለም ! መልሲ'ባ ?
ክሳብ መዓስ ድኣ ፡ ክትቁብቑቢ ክንዲ ኩርባ ?

ኣንቂደ'የ ሎምስ ፡ መልስኺ ድኣ ሃቢ
ክሳብ ምዓስ ድኣ ፡ ብቑኖ ክትጋልቢ
ኀሲኺ ንፍትሒ፡ ንዓመጽ ክትጋብዚ
ኩሉ ክዒቡኪ ፡ ኣንቲ ዘባል ዕጥቂ ፡

ኣምሒሩለይ ኢልኪ ፡ ዓለም ምጥማቕኪ
ጣቃ ዘይብሉ ጭርሖ ፡ ኣካ ከኸፍኣልኪ
ካብ ኣፍ ድኻታት ፡ ንሃብታማት ምኹላስኪ
ብጸልማት ትግስግሲ ፡  ወጋሕታ ምድቃስኪ
ኮር ተገልበጥ ፡ ማሕበረ-ዓለም ኢሎምኺ ፡

ዓለም ! ትሓተቲ ፡ መዛግብኪ ክፈትዮ ?
ክፈትዮ ! ክሳብ ምኣስ ድኣ ፡ ክትሓብእዮ
ኤርትራ ዝብል ሽም ፡ ኣበይ ክትክውልዮ
ታሪኽ ክቡር ህዝቢ'ዩ ፡ ገናጺልኪ ኣምብብዮ ፡

ሓቂ ከተውግዒ'ሞ ፡ በየናይ ዓቕምኺ
ሓላፍነትኪ ረሲዕኪ ፡ ሕፍረትኪ ካብ ቀላዕኪ
መሰልና ዝረግጹ ፡ ካብኮኑ ኀይቶትኪ
ንሑቕፊ ዓመጽቲ ፡ ኣመና ካብ ብሃግኪ
ግደፍዮ ድኣ ሎምስ ፡ ተበሊሉ'ዩ ስምኪ ፡

ድምጽና ከይትሰምዒ ፡ እዝንኺ ጸሚሙ
ሓቂ ከይትዛረቢ ፡ ኣፍኪ ተሎጊሙ
ፍትሒ ከይትርእዪ ፡ ዓይንኺ ዓዊሩ
ከይተመዛዝኒ ፡ ኣእምሮኺ ተደፊኑ
ለካ ሓለፍትኺ ፡ ንትኳቦ ዝልምኑ
ብኀይቶቱ ዝምራሕ ፡ ፋይዳ ዘይብሉ ፡

እንታይ'ሞ ፈሊጠልኪ ፡ ዓለም ብትቢቶ
እኩብ ትፍንጥሕ ፡ መስተር ዘራጊቶ
ብጸጋም ትሰርቆ ፡ ብየማን ዘምበረቶ
ኣመል ምስ መግነዝ ፡ መንእሞ ክስሕቶ ፡

ማሕበረሰብ ዓለም ፡ ኣንቲ ክሓዲት
ባዕልኺ ከሳሲት ፡ ባዕልኺ ፈራዲት
ማሕጎዳ እኪያት ፡ ምኻንኪ መሳሰይት
ከሰስትኺ በዚሖም ፡ ኣንቲ መዳለዊት ፡

ሓቂ ድኣ ፡ ምዓስ ይሕባእ ኮይኑ
በሎኸ እዩ ዝብል ፡ ግዚኡ ሓልዩ

# ኣንቲ ዓለም !

ብመድሃኔ ተስፋኣለም

ከምህዝቢ ኤርትራ ፡ ተቓላሳይ እንተረኺቡ
ሓቂ ተቐኒቱ ፡ ንዓሎቕቲ ኣድኒኑ
መውጽኢ ነይስእን ፡ ከምትኪ ተኒኑ
ብተግባር ይኽሽሖም ፡ ናይ ሓሶት ደያኑ ፡

ዝኣኽለን ጥሒነን ፡ ዝበላ በዓለማርያም
ምህላውና ረሲዐን ፡ ምሕጻብ ከምጲላጦስ
ከምቲ ሰራቕ ሞባእ ፡ ባዕሉ ዝለፋለፍ
ማዕቀንኪ ዘይፍለጥ ፡ ወትሩ ሓላፍዘላፍ

ኣየ ዓለም ! ኣንቲ ዓለም ጊንጢ
ንላግጺ ምውላፍኪ ፡ ጉራማይለ ተወቂጥኪ
መሰልና ደባዲብኪ ፡ ከተሻርዊ ንዓመጽቲ
መሲሉኪ እምበር ፡ ምዓስ ሓቦ ኣሊዩኪ
ዘክሪ ውዕሎና ፡ ኣብ'ቲ ሓርነታዊ ቃልሲ
ሎሚ'ውን እንተኾነ ፡ ኣላ ሓንቲ መዓልቲ
ፋይልና ከፊትና ፡ ባዕላትና ክንከውን ፈረድቲ ፡

እምነት ዝሓረመኪ ፡ ኣቲ ከዳዕ ዓለም
ብጽንዓተይ ዝነበርኩ ፡ እንተኾነ እቲ ቀደም
ታሪኸይ ዝወረቐኩ ፡ በቲ ውዑይ ደም
ሰዊትን ውለሽን ከፊለ ፡ ምሳኺ ክቀዳደም
ክብረተይ ወኒነ ፡ ኣብርኣስኺ ክኹደም ፡

ዓለም ኣንካሒራ ፡ ክሳብ ምዓስ ኢኺ
ትተኳትኹኒ ፡ በሰላ ቁስለይ ክትጕድእኒ
ኣለኹ እናበልኩ ፡ ንስኽን ክትጕጥይኒ
ተደቢርኪ ምኹዳድኪ ፡ ኣነን ይብል ሓጺርክኒ
ድያብሎስ ክንስኺ ፡ ሰማያዊ ካቦት ትኽደኒ
ሕጂ'ውን ክረትዓኪ'የ ፡ ተናዚዝኪ እመንኒ ፡

ንኽምስሉ ዝበሉኺ ፡ ማሕበረ-ዓለም
ግጥምና ምሳኺ ፡ ካብኮነ መዋእለ ሰብ
ቅልስ ምሳኺ፡ ክንውስኽሉ'ና ዘብዘብ
ትሕዝቶኺ ካብ ኮነ፡ ማሕጎዳ ሰበብ
ንሕና ግን !
ብጽንዓትና ንስውድ ፡ ክንፍሪ ንዕምብብ ፡

ልብኺ ፡ ኣበየናይ ግዜ ረስሪሱ ይፈልጥ
ደቂሰባት ክሳቐዩ ፡ ማዕጾኺ ተብሊ ርግጥ
ፍትሒ ንዝበለ ፡ ምድቃስኪ ጥንቅልዒት
ገና ኣይተጻገባናን ፡ ኣንቲ መዳለዊት
ምኣስ ጠፊኡኪ ፡ ንህላወይ ከምዝምክት ፡

ኣሎ'ንዶ ጽንዓት ህዝበይ ፡ ዘይውዳእ ወኑ !
ንፍቕሪ ዘሳኒ ፡ ዘደልደለ ሓድነቱ
ሂወቱ ዝመነነ ፡ ንክብሪ ሃገሩ

ድምጽና ኣንጻር'ቲ  ዘሕንኽ እገዳ ባይቶ ጸጥታ ! ኣንቲ ዓለም ፡ ብመድሃኔ ተስፋኣለም Geneva.22.02.2010

# ኣንቲ ዓለም !

ብመድሃኔ ተስፋኣለም

ዲኖ ዝሸድነኒ ፡ ሓሰውቲ ኣደቢሩ ፡

ህዝበይ ኣለኒ ፡ ክንዲኹሉ እዚ መርሃዊ
ንጸህያይ ለቓቒሙ ፡ በሰላይ ዘሕዊ
ልዕሊ ብራኽ በሪኹ ፡ ክስመ ኤርትራዊ
ሃገራውነት ደሪዑ ፡ ንጽምኡ ከርዊ ፡

እቲ ጆግና ኣፍላይ ፡ ከምንስሪ ክሕሉ
ዶባቱ ኩቓመት ፡ ዋልታ ተኾልኲሉ
ሃገሩ ከለምልም ፡ ኣእማን ፈናቒሉ
ተውለ ብቐደሙ ፡ ካዕቦ ዓወት ዝመስፈሩ ፡

ወላዲት ኣምበሳ ፡ ንሳ እዛ ዋዕሮ
ነቲ መናኸሲ ፡ ነነጢራ እትሓንቆ
ሬሳታት ጸላእታ ፡ ዝኾመረት ከምጭራሮ
ሓወልቲ ምንባርና ፡ ታሪኽ ዝመስከሮ ፡

ንድርብ ደራሪቡ ፡ ዘጽንዐ መሰለይ
ንሱ ሂወተይ ፡ ንሱ ትንፋሰይ
ንሱ ዕንጉሎተይ ፡ ንሱ ክብረተይ
ቃንኡ ቃለይ ፡ ማሕልኡ ኪዳነይ
ብጽንዓት ህዝበይ ፡ ዝደፋእኩ ዘውደይ ፡

ኣንቲ ዕዋና ዝዋና ፡ ማሕበረ-ዓለም
ከብድን ሕቖን ምኳንና ፡ ብዘይ ቃልዓለም
ነኺስና ኣለና ፡ ሕማምኪ ንሸይደጋገም
ክንረባረብ ኢና ፡ ኣብቲ ርሱን ጥምጥም ፡

ተበገሲና እኔና ፡ በቲ እንፈልጦ መንገዲ
ተተሓሒዝናዮ ኣለና ፡ ግብግብ ምሳኺ
ብጻዕርና ክንብንጥሶ ፡ ሕኖት ተንኮላትኪ
ዓወትና ዓቲርና ፡ ኮፍ ኣብ ዝባንኪ
ዳግም ምዕዋትና ፡ ቃል ንኣትወልኪ ፡

ክትደፍእ ክትድፋእ ፡ ዘሎን ዝነበረን
ንኹሎም ለቓቒምና ፡ ዕንቅርቢት ተመን
ንሓዋሩ ከይትስኣ ፡ ኣብ ጋህሲ ከነሰጥመን
ወትሩ ዝዓጠቕና ፡ ብኒሕን ሓቦን
ክብርና ወኒንና ፡ ንዕወት ናይግድን !

## `` ትውፊት ክሳብ ዝበረኸ ሓርነት ``

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማዕታትና !

## ዓወት ንሓፋሽ !

ድምጽና ኣንጻር'ቲ ዘሕንኽ እገዳ ባይቶ ጸጥታ ! ኣንቲ ዓለም ፡ ብመድሃኔ ተስፋኣለም Geneva.22.02.2010